ሕጂ ውን ንህግደፍን መሰልቶምን

ካብ ምብዳህ ዓዲ ኣውዕልን

ይ4 ክፋል

ሕድሪ ሰማእታትና ክብር እዩ

በርህ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን//




ኣብ መላእ ሃገር ምስ ተዘርገሐ

በትን በትን ሜሬት ምስ ኣውገሔ

ዕርድታት ጸላኢ እንዳ ፈንጠሔ

ኣብ ኣፍደገ ኣስመራ ዘብጽሔ

ኤረትራዊ ሓይሊ ምስ ተፈንጥሔ

ህዝቢ ብኢሰያሳዊያን ምስ ተመርሔ

ዓሻ ሰሓቐ ለባም ደምነ ብዔ

ሹዑ ዝሰሕቐ

ብናተይ ዝበሎም ምስ ተጸፍዔ

ሕጂ ተረዲእዎ ምስ ተገፍዔ//

ን30 ዓመት ተቃሊስና ንነጻነት

ግን ስለ ዘይተረጋገጸ ኤረትራዊነት

ድሕሪ ነጻነት ን23 ዓመት

ንቃለስ ኣሎና ንፍትሒን ሓርነት//

ኣውሊዕና ሰማይ ዝምድራ

ከብዲ ኣደ ጉራምራ

ኤርትራ ተደዊኑ ሕብራ//

ኣይግድን ወለዶ ሎሚ

ፈተውትኻን ጸላእትኻን መሚ

ምስ ህግደፍ የብልካን ጠቕሚ//

ከንዲ ንጃንዳ ምምካት

እንዳ በልካ ኣነ እየ ወደባት

ካብ ጠኒንካ ትኣትዋ ንሞት

ያኣክል ብኽያት ግበር ሓሞት//

ኣይትፍርሑትብዑ

ምስ ፍትሐዊያን ተሰርዑ

ሕድሪ ጀጋኑ ኣይትረስዑ//

ብቃልሲ ይራጋገጽ ለውጢ

እንቢ ዘይበለ ንጎባጢ

ወይሉኡ ምስ ህግደፍ ዝዋጢ//

ንዓዲ ጀጋኑ ኣይትጥለምዋ

ደሞምኣ ፍሰሶም ሐራ ዝገበርዋ

ደቂ ብጫበይኖም ካብ በሐትዋ

ወለዶ ሎሚኣ ለናልኪ በልዋ//

ክንዲ ንህግደፍ ምጉሐፍ

ካብ ዓድኻ ገዲፍካ ሃፍ

ኤርትራዊ ታሪኽ ግደፍ
ከምናይ ኣያታትካ ዝጸሓፍ//
ተኣቡእሞ ድምጽኹም ሃቡ
ጸረ ቶም ብደም ዝዘቕበቡ
ተዓዘብቲ ኣይትኹኑ ተወደቡ//
ንተሪር ልቦም ዓገብ በሉለይ
ንዓቢ ንኡስ ዋሕስ ዕገቱለይ
ክንድሕን ካብ መግዛእቲ ወዲኒ
እንኩ ዘይፈልጥ ብጀካ ሃቡኒ//
ሓደ በሉለይ ብኣጉኡ
እቶም ንህላወና ዝጸቡኡ
ካብ ማእከልና ዝተሓቡኡ
ንምፍልላይ ሓዊ ዝተፍኡ//
ቀለታ ናበይ ጎቦ ጎቦ
ንሓቡእ እዝጊ ኣዛረቦ
ኣባይኩም ፍለጡዓደቦ//
ክንምልሰሉ ከይንድንጉዮ
ቀለታ ኪዳነ ነዚዶ ትንተና የድልዮ
ጽገና ምስ ህግደፍ መንከ ምስ ደለዮ
ከምቲ ንገዛኢ ብሓይሊ ዝደምሰስናዮ
ንህግደፍ ውን ብሓይሊ ኢና ንኣልዮ//
መረብ ዝተፍኦ ሆ ሆ
ህዝቢ ክደሚዝብር ሆ
ንሱ ተልእኾኡ ካብ ንጎ ሆ

ንኢሰያስ ዝቖርሖ ንበድሆ//

ምስ ሰዓብቱ እኒ መጺጽ

ሓሳል ተመሲልካ ሓርገጽ

ክሳብ መዓልትኻ ተበለጽ

ሓርነት ክሳብ ዝረጋገጽ

ነዊሕ ኣይኮነን ኣይትረበጽ//

ባዕሉ ሓሳብ መፍሰሲ

ባዕሉ ሓሳቡ መፍረሲ

ግበር ዝበልዎ ኣይከውንን ቀላሲ//

ብመስኮት እንዳ ተቖልቀለ

ሓዊ ክኣጉድ ዝተመወለ

መሳርሒ ኮይኑ ዝሸምገለ

ሰላይ ክነሱ ሰላይ ዝበለ

ዘስደምም ክኸውን ወሓለ//

በል ስማዕ ዘራጊቶ

ተኃቲቱ ክወጽእ ካብ ቡንቶ

ወይ ከም ፈሓራ ካብ ፉስቶ

ንከዳዕ ማዓልቱ ኣላቶ//

ውሑድዶ ዕምሪ ደቀባት ኣሕጺሩ

ምስ ኣብ ውሽጥና ዘለ ኹምኮራኹሩ

ዝገዓርኩም ገዓሩ

ክኸይድዩ ብኣፈሙዝ ተሳዒሩ//

ኣመል ምስ መግነዝ ኮይኑካ

ንዝበዱሁኻ ኣውራጃዊያን ኢልካ

ንመሰለይ ዝበለ እስላማዊ ቢልካ
እዚ ኹሉ ህግደፍ ክነብረልካ
ተበሊሉ ጥጁእ ዕላማኻ//
ከምኣሞራ ስጋ ሰብ ዝለመደ
ድቃስ ደሎ ተሓግሒጉ ከይከደ
ፍርዱ ክቕበል ምስ ወረደ
ሹዑ ክንዲ ህዝቢ ዝሳእቕ
ይሕጎስ ጸሓይ ምስ በረቕ//
ተጓዒዙ ነዊሕ ጉዕዞ
ንከዳዕ ንእዳበለ ሓዛ ሓዛ
መንጸሮር ክሳብ ዝሕዞ
ይዕወት ክንዲ ህዝቢ ዝቑንዞ//
እወ ንሓና ደቂ ቀይሕ ባሕሪ
ምስ ተወደኣና ንተፍእ ጓህሪ
ኣይናህናን ዝፈላሊ ሕብሪ
እወ ንደቀባት ፎእ ንመደናገሪ//
መንነቱ ዘይፍሉጥ ውሕጅ ዝኣከቦ
ኣፋኒና ንፋሕ ህበለ ህዝቢ ክንእከቦ
ንደላዪ ፍትሒ ኣባጅኅ ኒሕ ሓቦ ሃቦ//
ኣለዉልሳኖም ዝሰኣነ ጣቋ
ጀጋኑ ኣሕቂቖም ዝሰትዩ ዱቋ
የምሕረሎምዶ ክኾኑ ጠበቓ//
ብኤረትራውነቶም ዘይሕበኑ
ኣገልጋሊ ተኈሉ ዝኾኑኑ

ኣይገርምን ዘይፈረሶምክጻዓኑ//

ጅጅ ከምሕንጂጅ

ክጽርግፈኩም ጋሻ ውሕጅ

ብቓላትኩም መን ክብጅብጅ//

ስነ ጥበባዊ ሃራሚ ሻንብቆ

ንሞያኻ ኣይትንዓቆ

ንፍትሐዊ ቃልሲ ክተድምቖ

ንክራር ንኮቦሮ ንደስቆ

ንመንቀኛና ክንብርቁቖ//

መዛረቢ ገዲፍካስ መናገሪ

ኤረትራዊ ስማዕ ናተይ ምኽሪ

ዲል ኣይትሃቦ ንመደናገሪ//

ሃይሞኖትና ኣስላምን ክስታንን

ከከምእምነትና ንጽሊን ንሰግድን

ሽግርና ኣብ ሞንጎና ዘለዉ ህግደፋዊያን

ከይነድምዕ ዝኸልኡና ምትእማማን//

እንታይ እዩ ሽግርና ሕመቕና

እንታይ ገርና ንዘይእመኑ ኣሚና

ኩሉ ደላይ ፍትሒ እንዳ መሰልና//

ገለ ነንዝተፈንጨለ ምስ ሰዓበ

ዝተረፈ ብማዕዶ ምስ ተዓዘበ

ዩ ፍትሐዊ ቃልሲ ዘይዓንበበ//

ያኣክል ዝበረቐ ጻሐይና

ኢደይ ኢድካ ኢልና

ንመክት ንመጽነትና//

ዓወት ነቲ ደምዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ

ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና

ኢረና ሎሚ ዓመት ናይ ግድንዩ ዓወትና

ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና

ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና